# ዎ ቶጓዓዛይ



እዚ ጽሑፍ እዚ ዝኾነ ሰብ ኣባዚሑ ክጥቀመሉ ይኽእል እዩ።

ብዝኾነ ዓይነት መግዲ ብውልቀሰብ ይኹን ብማሕበር

ኣብ መሸጣ ክውዕል ግና ኣይፍቀድን እዩ።

ኣዳላዊ ፣ ኣገልግሎት ቤተ-ጽዮን 2011

ንዘለኩም ሕቶ ይኹን ርእይቶ

በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ለእኹልና።

info@betezion.com

# “ዎ ተጓዓዛይ !”

ትፈልጥ ኢኺ ፡ ሰብ ኣብ ህይወት ዘመኑ ብዙሕ ጉዕዞታት እዩ ዘካይድ። ኩሉ ጉዕዙኡ ድማ ነቲ ዝደልዮ ንኸረክብ ፡ ኣብቲ ዝደልዮ ንኸበጽሕ ፡ ኣብ መወዳእትኡ ንኽዕወት እዩ እንበር ንኸንቱ ብዘይ ዕላማ ዝጓዓዝ ዳርጋ የለን ክብሃል ይከኣል። ኩሉ ጉዕዞ መበገሲ ኣለዎ። መዕለቢ ኸኣ ኣለዎ። ንኽልቲኡ ዘራኽብ ድማ መገዲ። እቲ ተጓዓዛይ ካብቲ መበገሲ ተበጊሱ መገዱ ሒዙ እዩ ናብቲ መዕለቢ ወይ ክበጽሖ ናብ ዝደሊ ቦታ ዘቕንዕ። ገሊኡ ንጉዕዙኡ ብዓወት ኣብ መፈጸምታ ከብጽሖ ከሎ ገሊኡ ድማ ኣብቲ ዝደለዮ መዕለቢ ከይበጽሔ ይተርፍ። ነቲ ዘይምዕዋት ምኽንያቱ ብዙሕ ኣኳ እንተኾነ እቲ ጸገም ካብቲ ተጓዓዛይ ኣይሓልፍን ኣዩ ብዝብል ሓሳብ ክምትሰማማዕ ተስፋ እገብር። ምኽንያቱ ካብ መበገሲኡ ዝተበገሰ ተጓዓዛይ በታ መገዱ እንተተጓዒዙ ኣብታ ክበጽሓ ዝደሊ ቦታ ክበጽሕ ናይ ግዲ እዩ። ተጓዓዛይ ግን መጀመርታ ብዘይ ምብጋሱ ኣብቲ ዝደልዮ ቦታ ኸይበጽሐ ክተርፍ ይኽእል። ወይ ውን ተበጊሱ ከብቅዕ ብምሕላሉ ኣብ መገዲ ይተርፍ። ካልእ ድማ ተበጊሱን ከይተሓለለ ተጓዒዙን ከብቅዕ በታ ቅንዕቲ መገዱ ብዘይ ምኻዱውን ኣብ ዝደለዮ ቦታ ዝይኮነስ ኣብ ዘይደለዮ ቦታ ዝበጽሕውን ኣሎ። ስኣን እታ ቕንዕቲ መገዲ ምፍላጥ። ኣብ ተጓዓዝቲ ግና መገዶም ዝይፈልጡ ጥራይ ዘይኮኑስ መበገሲኦም ዘይፈልጡ ተጓዓዝቲውን ኣለዉ። “ናበይ ምኧነይ ኣይፈልጥን እየ ግን ይጓዓዝ ኣለኹ። ” ዝብሉ ፡ ዝኸፍአ። መዕለቢኻ ከይፈልጥካ ምጉዓዝ። እቲ መኦለቢኡ ፈሊጡ ካብ መበገሲኡ ዝብገስን በታ ቕንዕቲ መገዲ ከይተሓለለ ዝጓዓዝን ተጓዓዛይ ግን ይቖልጥፍ ይደንጉይ ተዓዊቱ ኣብ መፈጸምታኡ ከም ዝበጽሕ ትኣምነሉ ኢኺ። ሓቀይዶ?

ጉዕዞ ግን ሰብ ኣብ ህይወት ዘመኑ ዝገብሮ ጥራይ ዘይኮነ ህይወት ሰብ ንባዕላ ጉዕዞ ኣያ። መበገሲ ኣለዋ ፡ መገዲ ኣለዋ ፡ መፈጸምታ ድማ ኣለዋ። ከምቲ ካልእ ጉዕዞ ውን ህይወት መፈጸምትኣ ዕዉት ወይ ዘይዕዉት ይኸውን። ነዚ እዩ ድማ “ህይወት ጉዕዞ እያ ኣብ መፈጽምትኣ ኣብጽሓያ” ዝብሃል። ኣየ እቶም ጉዕዞ ህይወት ኣብ ቅኑዕን ዕዉትን መፈጸምታ ዘብጽሕዋ ሰባት ክንደይ ዝተዓደሉ እዮም! ኣየቕንኡኻን? . . . እዛ ሕይወት እዚኣ ሳልሳይን ማእከላይን ዝብሃል

> “ናበይ ምኧነይ ኣይፈልጥን እየ ግን ይጓዓዝ ኣለኹ።”

መፈጸምታ ስለዘይብላ ናብዘን ክልተ ዝኾና መፈጸምትኣ ዘብጽሓ ክልተ መገዲ ጥራይ እየን ተዳልየናላ። ሳልሳይ ዘይብለን። እታ ሓንቲ ናብ ዕዉት መፈጸምታ ከተብጽሕ ከላ

እታ ካልኣይቲ ድማ ናብ ኣንጻሩ ማለት እዩ። መገዲ ህይወትን መገዲ ሞትን ውን ተባሂለን ከም ዘለዋ ትፈልጥ ትኸውን። ንኹሉ ሰብ ድማ ከም ምርጫ እየን ተዳልየናሉ። መሪጹ ናብ ሓዲኡ መፈጸምታ ንኽበጽሕ። ንዓኻውን እንተኾነ ተዋሂቡካ ኣሎ። ምኽንያቱ ከምዚ ስለዝተባህለ “. . . እንሆ ኣብ ቅድሜኹም መገዲ ህይወትን መገዲ ሞትን ኣንብር ኣለኹ። ” (ኤር21.8) ፣ “እታ ናብ ጥፍኣት እተወስድ ደገ ርብቲ መገዳውን ገፋሕ እያ ፣ እቶም ብኣኣ ዝኣትዉ ድማ ብዙሓት እዮም። እታ ናብ ህይወት እትወስድ ደገ ግና ጸባብ ፣ መገዳውን ቀጣን እያ። እቶም ዝረኽብዋ ኸኣ ሒደት እዮም እሞ በታ ጽባብ ደገ እተዉ። ”(ማቴ7.13-14) እንተ ኣስተውዒልካ ግን ፣ ዘገርም እዩ ፣ ሰብ ናይ ጉዕዞኡ መፈጸምታ ሰናይ ክኾነሉ እናደለየ መብዛሕትኡ ሰዓቢ እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ መገዲ ኮይኑ ክትርእዮ ከሎኻ። ሰለዚ እዩ ድማ በታ ጸባብ ደገ ንምእታው ምግዳል ከምዘድሊ ዝተነግረ (ሉቃ13.24) ፣ ምኽንያቱ ባህሪ እተን መገዲ ንዘየስተውዕል ሰብ ከጋግያ ስለ ዝኻላ። እታ ቀዳመይት መገዲ ሳላ ግፍሓን ሳላ ብዝሒ ሰዓብታን ንክትረኽባ ይኹን ንኽስዕባ ኣይትሽገርን እያ። መወዳእታኣ ግን ጥፍኣት ፣ እታ ካልኣይቲ መገዲ ግና ምስቲ ዋሕዲ ሰዓብታን ጽበታን ንኽትረኽባ ዘይቀላል ፣ ውሕስነት ዘይብላ ፣ ክትከዳውን ዘይምቾእቲ ክትመስል  ትኽእል እያ። ግና መወዳእታኣ ህይወት እዩ። “ንሰብ ቅንዕቲ እትመስሎ መገዲ ኣላ መወዳእታኣ ግና ሞት እዩ” እተብህለውን ብዘይምኽንያት ኣይኮነን(ምሳ14.12)። ካልእ ክውስኸካ እዘን ክልተ መገዲ ፣ መገዲ ብርሃንን መገዲ ጸልማትን ብምባል ተገሊጸን ኣለዋ። ኣብ ብርሃን ዝመላለስ ኣሎ ኣብ ጸልማት ድማ ዝመላለስ ኣሎ ኣብ ጸልማት ድማ ዝመላለስ ኣሎ (1ዮሃ1.5-7)። እታ መገዲ ብርሃን ማንነትካ ስለትቀልዕን ጎደሎኻ ስለተርእይን ብዙሕ ሰብ ክስዕባ ኣይፈቱን እዩ። እንታይ ደኣ እቲ ጊድለቶምን ክፉእ ግብሮምን ምእንቲ ከይግሃድ ካብ ብርሃን ጸልማት መሪጾም ነታ መገዲ ጸልማት ይስዕብዋ (ዩሃ3.19-20)። ኣብቲ ጸልማት እንታይ ከም ዝዕንቅፎም ኣይፈልጡን(ምሳ4.19)። ዝርእይዎ ሕማቕ ኮነ ጽቡቕ ስለ ዘየለ ድማ ብጉዕዞኦም ኣይጭነቑን። ስቕ ኢሎም ይጉዓዙ። ናበይ? . . . ብዘየገድስ። ያኣዩ ሰገን ርእሳ ኣብ ሑጻ እንተሃብአትን ዓይና ካብ ምርኣይ እንተኸወለትንሲ ካብ ሃዳኒኣ ዘምለጠት እንድዩ ዝመስላ ፣ ኩነታቶምን መገዶምን ዘይምፍላጦምን ዘይምርኣዮምንሲ ካብቲ ሕማቕ መፈጸምታ ዘናግፎም እዩ ዝመስሎም። ገለውን ክፍኣታ እናተረድኦም ዝስዕብዋ ኣይሰኣኑን ይኾኑ። መቸም ብዙሓት እንድዮም ሰዓብታ “ ምስ ህዝብኻ መዓትሲ ዳርጋ ገዓት!” ዝዓይነቱ እንዳበሉ ካብ ሰበይዶ ክኸፍኣኒ እዩ ብምባል።

*“ዘገርም እዩ፥ ሰብ ናይ ጉዕዞኡ መፈጸምታ ሰናይ ክኾነሉ እናደለየ መብዛሕትኡ ሰዓቢ እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ መገዲ ኮይኑ ክትርእዮ ከሎኻ!”*

ክቡር ተንዓዛይ ብዛዕባ ጉዕዞ ህይወት ክንድዚ ካብ ኣዕለልና እስኪ ክሓተካ ፤ ንስኻኸ ኣበየነይቲ መገዲ ኣሎኻ? ሳልሳይ መገዲ ከም ዘየለ ኣይትዘንግዕ። ኣብታ ገፋሕ መገዲ ዲኻ ዘሎኻ? እወ ኣብታ ናይ ህይወት መገዲ እንተዘይሃሊኻ ኣብታ ገፋሕ ከምዘለኻ ፍለጥ ኣይትጠራጠር። ኣብኣ እንተ ሃሊኻ ድማ “ ብልብኹም መገድኹም ሕሰቡ” (ሃጌ1.7)። “መገድኹም ተዓዘቡን መርምሩን እሞ ናብ እግዚኣብሄር ተመለሱ”(ደጉ3.40)። “መገዲ እተጋገየኸ ኣይምለስን’ዶ እዩ?” (ኤር8.4) እንበኣርሲ “...ኣብ ጎደናታት ደው ኢልኩም ተመልከቱ ፤ እታ ጥንታዊት መገዲ እታ ጽብቕቲ ጎደና ኣየነይቲ ምዃና ሕተቱ እሞ ብእኣ ተመላለሱ ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም” ተባሂሉ ኣሎ (ኤር6.16)። ስለዚ ናብ ልብኻ ተመለስ ሓንሳብ ደው በል ጎደናታትካ ድማ ተመልከት። “ኣበይ ኣለኹ? ... ናበይከ እኸይድ ኣለኹ? ...” በል። ብድሕሪኡ ካብቶም መገዶም ዝጠፍኦም እንተኾንካ “ዎ’ እግዚኣብሄር ብሓቅኻ ምእንቲ ክመላለስ መገድካ መሃረኒ ፤ ጎደናታትካውን ኣፍልጠኒ” በል (መዝ 25.4, 86.11)። ሙሴ መገድታትካ ኣፍልጠኒ ኢሉ ሓቲቱ ፤ መገድታቱ ከምዝፈለጠ ከዘክረካ እፈቱ (ዘጻ33.13, መዝ103.7)። እዛ መገዲ ሓቅን መገዲ ጽድቅን ዝኾነት መገዲ ህይወት ንምርካባሲ ቀሊል ምዃኑ ኣስተውዕል ምኽንያቱ መገድን ሓቅን ህይወትን የሱስ ክርስቶስ እዩ (ዮሃ14.6)። ንሱ ነቶም ዝደልይዎ ዝርከበሎም ብሓቂ ንዝጽውዕዎ ድማ ቀረባኦም እዩ (መዝ145.18)። ናብኡ ቅረብ። ነቶም ናብኡ ዝመጹ ከቶ ንወጻኢ ኣይድርብዮምን እዩ (ዮሃ6.37)። ካብኡ ድማ ዝምንዝዕም የልቦን (ዮሃ10.28)። እንታይ ደኣ ህይወት ምስ ተረፉ ሂቡ ይንስዮም (ዮሃ10.10)። ስለዚ ብምምላስኩም ክትድሕኑ ኢኹም ስለ ዝተባህለ ፤ መፈጸምታኻ ክጽብቐልካ ናብቲ መገዲ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ተመለስ (ኢሳ30.15)። እንተ ቀሪብካዮ እታ መገዲ ትጽበብ ፤ ትጠዋወ ሓባጥ ጎባጥ ትኹን ፤ ምድያብ ምውራድ ይብዝሓያ ፤ መዓንቀፍታትውን ይሃልውዋ ንሱ ምእንቲ ስሙ ክብል በታ መገዲ ጽድቂ ክመርሓካን ናብ መፈጸምታውን ከብጽሓካን እዩ(መዝ23.3)። እግዚኣብሄር እኮ “ንሞት ረሲእ’ዶ እፈቱ እየ? ፍታወይሲ ካብ መገዱ ክምለስ ብህይወት ክኣኣ ክነብር ዶግዳ ኣይኮነን...” እዩ ዝበለ (ሕዝ18.23) ስለዚ ናትካ ግደ ናብኡ ምምላስ እዩ። ብድሕሪኡ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ባዕሉ በታ መገዲ ክጓስየካ እዩ።

እታ መፈጸምትኣ ሰናይ ዝኾነት መገዲ ህይወት ከምታ ናብ ጥፍኣት ትወስድ ገፋሕ መገዲ መሰናኽልን መዓንቀፍን ዘይብላ ኣይኮነትን። ተጻባኢ ኣለዋ ፤ እቲ ክሰርቕን ክሓርድን ከጥፍእን ዝመጽእ ጸላኢ (ዮሃ10.10)። እዚ ጸላኢ እዚ ነቶም ንሰናይ እንበር ንጥፍኣት ዘይተመደቡ ደቂ ሰብ ካብታ መገዲ ህይወት ኣርሒቑ ናብታ ካልኣይቲ መገዲ ብምእታው ናብቲ ንእኡን ንመልኣኽቱን እተዳለወሎም ጥፍኣት ንኸእቱ እዩ እቲ ድልየቱ(ጴጥ3.9, ሕዝ18.23,ማቴ25.41)። ኣብዚ እቲ ዘሐጉስ ክነግረካ ዝደሊ እቲ ዝጓስየካ ንኹሉ ስለ ዝሰዓሮ ፤ ካብቲ ኣብ ጸላኢ ዘሎ እቲ ኣባኻ ዘሎ ኣዝዩ ዓብይ

እዩ(1ዮሃ4.4)። ስለዚ ድማ በቲ ንሱ ዝህበካ ሓይሊ ንኩሉ ውዲት ጸላኢ ትስዕሮ ኢኻ(ሮሜ8.31)። እንተኾነ ግና ጸላኢ ኣይድቅስን እንድዩ ነቲ ዕላምኡ ንምፍጻም ዝገልግልዎ ሰባት ኣለዉዎ። ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ናቶም ከይኣክል ነቶም በታ ጸባብ መገዲ ዝጓዓዙ ተጓዓዝቲ ዝብትኑ ዘሳድዱ ፡ ዝዕንቅፉ ዘስሕቱን እዮም። ንሓደ ሰብ ምዓንቀፊ ካብ ምኳን ግን መጥሓን ኣድጊ ኣብ ክሳድካ ተኣሲሩካ ናብ ባሕሪ ክትድርበ ይሓይሽ (ሉቃ17.1-2) ብዘመን ሃዋርያት ነቲ ብዘይፍላጥ ንኣምላኽ ዘሀጉስ ዘሎ እናመሰሎ ነቶም ኣመንቲ ክርስቶስ ክሳዕ ሞት ዝሰጎም ዝነበረ ሳውል ዝብሃልውን እንተኾነ ክርስቶስ ባዕሉ “... ሳውል ሳውል ንምንታይ ትሰጎኒ ኣሎኻ... ናብ ኣንፊ ብልሒ እንተኣድሓርሓርካ ንዓኻ እዩ ዝገደካ” እዩ ኢልዎ (ግብ22.4,9.4-5። ነቶም ተጓዓዝቲ ምስጓግ ነቲ መገዲ ዝኾነ የሱስ ምስጓግ ስለዝኾነ። ስለዚ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ካብዞም ሰባት እዚኣቶም እንተኾነ ከምቲ ሳውል ዝገበሮ ኣብ ቅድሚኡ እንዳምበድበድካን እንዳፈራህካን “ጎይታ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ እሎኻ?” በሎ (ግብ9.6)። ንሱ ውን ክትገብሮ ዝግብኣካ ክነገካ እዩ። እንቢ ኢልካ እንተ ኣድሓርሓርካ ግና ኣብ ድሕሬኻ እንፊ ብልሒ ተገቲሩ ኣሎ። ንዓኻ እዩ ዝገደካ። ኣፍ እግዚኣብሄር ተዛሪባ እያ'ሞ ብሰይፊ ክትውሓጥ ኢኻ (ኢሳ1.20)። ስለዚ ተታ መገዲ ምስጓግን ንተጓዓዝቲ ምርባሽን ገዲፍካ ናብታ መገዲ ደኣ ተጸንቢርካ ኪድ። ተጓዓዝ። መፈጸምታኻውን ክጽብቐልካ እዩ። ክቡር ተጓዓዛይ ኣብዛ መገዲ ህይወት ትጓዓዝ እንተ ኣሎኻ ድማ ካልእ ሕቶ ክሓተካ ፡ ኣብ ከመይ ኩነታት ኢኻ ዘሎኻ? ንምኳኑ እዛ መገዲ እዚኣ ሰለይ እንዳበልካ ቀስ ኢልካ ኣንዳተዘናጋዕካ ትጓዓዛ መገዲ'ዶ ትመስለካ? ኣኮነትን። ናይ ቅድድም ቦታ ምኳና ኣይትዘንግዕ። ነቲ ኣብ መወዳእታ ተነቢሩ ዘሎ ኣኽሊል ንምውሳድ። ስለዚ ኸኣ ከምቶም ኣብ ስፍራ ቅድድም ዘለዉ ነታ ዓስቢ ዓወት ንኽወስድዋ ዝቀዳደሙ ተቐዳደምቲ'ዶ ትጎይይ ኣሎኻ? (1ቆሮ9.24)። ወይስ ኣነስ የእኪለ ደኺመ ኣዝየውን ሰኒፈ እየ። ሓይለይ ወዲኤ። ኩነታተይ ውን ካብ ሰብሲ ይትረፍ ካብ ኣምላኽውን ሕብእቲ እያ። ቁሊሕ ዝብለኒ የለን። ስለዚ እዛ መገዲ ኣይውድኣን እየ ባኣጋኡ እንተ'ቋረጽክዋ ይሕሸኒ ኢኻ ትብል ዘሎኻ? ኣታ ሓወይ ስለምንታይ ብሰንኪ ድኻምካ መገድኻ ከተቋርጽ ትሓስብ? መገደይሲ ካብ እግዚኣብሄር ሕብእቲ እያኸ ትብል? እቲ ንወሰናት ምድሪ ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ዘልኣለማዊ ኣምላኽ ከምዝኾነ ከምዚ ከማኻውን ከምዘይሕለልን ከምዘይደክምን ኣይፈለጥካን'ዶ? ኣይሰማዕካንዶኸ ኢኻ? ወይስ ዘንጊዕካዮ ኣሎኻ? በል ክነግረካ ንሱ እኮ ንኽምዞም ከማኻ ድኹማት ሓይሊ ክህብ ንስኑፋት ድማ ብርታዐ ክውስኽ ኣብ ዙፋኑ እዩ ዘሎ። እቶም ብጉልበቶም ዝምክሑ ኣጉባዝ ክደኽሙን ክሕለሉን ከለዉ ፡ እቶም ሓያላት ዝብሃሉ ኣባጽሕ ድማ ሰንከልከል ኢሎም ክወድቁ ከለዉ ፡ ድኻሞም ተረዲኦም ንእግዚኣብሄር ዝጽበይዎ ግና ሓይሎም ይሕደስ። ከም ንስሪ ድማ በኽናፍ ይድይቡ። ብድሕሪኡውን በታ መገዲ ህይወት ከይተሓለሉን ከይደኸሙን ብምጉያይ ነታ ሓስቢ ዓወቶም ይጭብጡ(ኢሳ40.29-31) ስለዚ ድኻምካ ተኣሚንካ ናብቲ ንድኹማት ሓይሊ ዝህብ

ንስኑፋት ድማ ብርታዔ ዝውስኽ እግዚኣብሄር ጠምት። ንሱ ድማ ንመገድኻ ብዓወት ክትዛዝሞ ሓይልኻ ክኽዕነካ እዩ። “ምእንቲ ከይትደክሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን ነቲ ካብ ሓጥያት ኣብ ርእሱ ክንድዚ ዝኣክል ስቓይ እተዓገሰ ዘክርዎ። ” ከምዝተባህለ ኣይትረስዕ (ዕብ13 ፡13, ኤፌ6.10)።

ወይስ ተዓንቂፈ ወዲቐ’የ ዘለኹ ኢኻ ትብል ዘሎኻ? እወ ኣበሳኻ ከውድቐካ ከም ዝኽእል ፍለጥ (ሆሴ14.1)። ምናልባት ውን ኣይፋሉን ሰባት እዮም ተዓንቂፎምኒ ትብል ትኸውን። በዚኾነ በቲ ግን እቲ ዓቢ ጸገም ምውዳቕካ ዘይኮነስ ዘይምትንሳእካ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ጉያ ዘሎ ሰብ እንተወደቐ ኣየገርምን እዩ። የግዳስ ክትንስእ ኣለዎ። ስለዚ ወዲቕካ ኣይትትንስእን ዲኻ (ኤር8.4)?

> “ኣታ ሓወይ ስለምንታይ ብሰንኪ ድኻምካ መገድኻ ከተቛርጽ ትሓስብ? መገደይሲ ካብ እግዚኣብሄር ሕብእቲ እያ ኸ ትብል?”

ምኽንያት መውደቚኻ ኣበሳኻ እንተኾይኑ ምሕረት እግዚኣብሄር ኣይተስተናዕቆ። ደም ክርስቶስ ከንጽሆ ዘይክእል ሓጥያት የልቦን (1ዮሃ1 ፡9)። ሓጢኣትካ ኣይትሕባእ “ገበኑ ዝኽውል ኣይሰልጦን...” (ምሳ28.13) እዩ ዝብል እሞ ኩሉ ሓጥያትካ ጥራይ ተናዘዝ እምበር ክርስቶስ ከንጽሆ ዘይክእል ሓጥያት የልቦን(1ዮሃ1.9)። ደም ክርስቶስ ካብ ኩሉ ሓጥያትካ ከንጽሃካ እዩ። ተግባር ሰባት ዓንቂፉካ እንተኾንይኑ ግን ሰብ ጎዶሎ ምዃኑ ዘክር። ዓይንካ ካብ ጎደሎ ዝኾነ ሰብ ኣልዒልካ ነቲ ምእንታኻ ኣብ መስቀል ቀራንዮ እተሰቕለ ጠምት። ንሱእዩ እቲ ቀዳማይ ኣርኣያ ዝኾነካ እንበር ደቂሰብ ኣይኮኑን። ስለዚ ክቡር ተኽዓዛይ ብምውዳቕካ ጸላኢ ባህ ከይብሎስ “ክትንስእ እየ!” ደኣ በል(ሚክ7.8)። ወይስ “ጻድቕ ሸውዓተ ሳዕ ይወድቕ እሞ ይትንስእ” ዝብል ናይ ተስፋ ቃል ረሲዕካዮ ኣሎኻ (ምሳ24.16)? እንብኣርሲ ልብኻ ምስናይ የእዳውካ ናብ እግዚኣብሄር ኣልዕል (ደጉ3.4)። ንሱ ኸኣ ከተስኣካ ኣእጋርካ ድማ ከም ናይ ኢራብ ጌሩ ኣብታ መገዲ ህይወት ከመላልሰካ እዩ (እም3.14)።

ኣይ እግረይ ተጎዲኤ ሓንኪሰ ኸኣ እየ እሞ ቁስለይ ክሳዕ ዝሓዊ ካብታ መገዲ ክወጽእ ውን ትብል ትህሉ። ኣይፋልካን። እተን ዝሓንከሳ ኣእጋርካ ክሓውያስ ትኽ ዝበለ መገዲ ግበረክን ደኣ እንበር ካብቲ መገዲስ ኣይትውጻእ (እብ12.15)

ጾረይ ከቢዱኒ ጻዕሪውን በዚሑን እዩ’ሞ ኣላጊስ ደኣ ከዕርፍ እንበር ሕጅስ ኣብ ክንደይ ክምቀል እየ? ነየናይ ሒዘ እየኸ ነየናይ ክሓድሕ? ዲኻ ትብል ዘሎኻ? ካብታ መገዲ ኣላግስካ ዕረፍቲ ከምዘይትረክብ ክነግረካ። እኳደኣ ናብ ዝገደደ ማእሰርትን ባርነትን ክትኣቱ ኢኻ። ስለዚ ኣታ እትጽዕርን ጾርውን ዝከበደካ ጾርካን ሸኽምኻን ሒዝካ ናብቲ

ኣርዑቱ ፎኪስ ጾሩ ውን ቀሊል ዝኾነ የሱስ ምጻእ እሞ እታ ናይ ብሓቂ ዕረፍቲ ኣብኡ ስለ ዘላ ንሱ ከዕርፈካ እዩ (ማቴ11.28-30) ሓይልኻ ኣሐዲሱ ውን ነታ መገዲ ናብ መፈጸምታኣ ከብጽሓካ እዩ።

ምናልባትውን ደቂስካ ትኸውን? ኣዒንትኻ ባዕዚዙ ፣ መገድኻ ጸልሚቱካ ፣ ኣብት ጸባብ መገዲ ምህላውካውን ረብሓኡ ጠፊኡካ ፣ ተስፋ ጽውዓኻውን ኣብ ቅድሜኻ ዝተዳለወልካ ኣኽሊል ምርኣይ ኣብዩካ ፣ ኣባኻ ዘሎ ሃብቲ ክብሪ ርስቱ እንታይ ምዃኑ ውን ምፍላጥ ብምስኣንካ መገድኻ ዘቋረጽካ? ከምቶም ኣብ ድቃሶም ኮይኖም ዝበኽዩ እንበር ናብ ኣምላኽ ዘየድሃዩ ኣይትኹን (ሆሴ7.14)። ካብ ድቃስካ እትበራበረሉ ግዜ ከም ዝበጽሐ ፍለጥ (ሮሜ13.11)። ስለዚ ኣታ ደቂስካ ዘሎኻ ንቓሕ እሞ "ዎ' ኣምላኽ ብጥበብካ መንፈስ ጥበብን መንፈስ ምግላጽን ሂብካ ኣዒንቲ ልበይ ኣብርሃለይ ፣ ተስፋ ጽውዓይን እቲ ንዓይ ኣዳሊኻዮ ዘሎኻ ሃብቲ ርስቲ ክብርኻን እንታይ ምዃኑ ንክፈልጥውን ሓግዘኒ" ኢልካ ጸልይ(ኤፌ1.17-18)። እቲ ብርሃን ዝኾነ ክርስቶስ ድማ ንመገድኻን ንኩሉ ተስፋ ጽዎኣኻን ነቲ ኣብ ቅድሜኻ ተዳልዩ ዘሎ ሃብቲ ርስቲ ክብሩ ንኽትርእይ ከብርሃልካ እዩ(ዮሃ8.12, ኤፌ5.14)።

*"ክቡር ተጓዓዛይ ብምውዳቕካ ጸላኢ ባህ ከይብሎስ "ክትንስእ እየ!" ደኣ በል።"*

ኣብ ጊዜ ጉያኻ ናብ ካልእ ብምጥማትካውን ንድሕሪት ተሪፍካ ወይ ከኣ ጉያኻ ኣቋሪጽካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ርዱእ እዩ ኣብቲ ናይ ጉያ ጊዜ ክጥመቱ ዝኽእሉ ኣዝዮም ብዙሓት ነገራት ኣለዉ። እስኪ ክሓተካ ነቶም የማነ ጸጋም ኮይኖም ንተቐዳዳምቲ ዘጣቕዑን "ኣጆኻ ... ኣጆኻ ..." እንዳበሉ መብጽዓታት ዝኣትዉ ተዓዘብቲ ዲኻ ትርኢ ዘሎኻ? ንዕኦም ክትርኢ ተመሲጥካ በቲ ዘርእዩኻ ሽልማት ተማሪኽካ ንዕኡ ክትረክብ ክትብል ዲኻ ንድሕሪት ተሪፍካ? ዓስብኻ ካብኦም ዝተቐበለ ኮንካ ከይትተርፍ ትጠንቀቕ። ወይስ መገድኻ ክትርኢ ተዓንቂፍካ ወዲቕካ ኢኻ ንድሕሪት ተሪፍካ? ካብቶም ኮፍ ኢሎም ትርእዮም ዘቕንኡኻ ርኢኻ ንኽንቱ ዝጎየኻ መሲሉካ ከምኦም ንኽትከውን ደሊኻ መገድኻ ኣቋሪጽካ ጥራይ ከይትህሉ? ኣይትዓሸው። እዞም ሕጂ ዘቕንኡኻ ትርእዮም ዘሎኻ ድሕሪ ቅሩብ ከምሕልሚ ድሕሪ ምንቃሕ ክጸንቱን ክባድሙን እዮም እሞ ብእኦምሲ ኣይትቕናእ (መዝ73)። ምናልባትውን ነቶም ምሳኻ ዝቀዳደሙ ትጥምቶም ኔርካ ትኸውን። ኣለባብስኦም ኣተዓጥቕኦም ፣ ኣንይይኦምን ካልእ ትርኢቶምን። ነዚኣቶም ክትጥምት ተሃኒንካ ከተድንቕ ጥራይ ናትካ ብምርሳዕካ ይኸውን ንድሕሪት ዝተረፍካ? ወይ ከኣ ኣብኦም ንዓኻ ዘይብልካ ነገር ብምርኣይካ ተስፋ ቆሪጽካ ናይ ምውዳቕ ሓደጋ ኣጋጢሙካ ድሕሪት ተሪፍካ ትኸውን። ምናልባትውን ክንደይ ሰባት ከምዝቐደምካ ንምርኣይ ይኹን ዝሓለፍካዮ ነገራት ናፊቕካ ንምዝካር ክትብል ንድሕሪት ብምጥማትካ

ከም ሰይቲ ሎጥ ዓንዲ ጨው ኮንካ ተሪፍካ ትህሉ (ዘፍ19.26)። ክነግረካ'ዶ ዕርፊ ሒዙ ን ድሕሪት ዝጥምት ኣይብቑዕን እዩ እሞ ናብ ካልእ ምጥማትካ ሓዲግካ ኣዒንትኻ ቀኒዔን ይርኣያ፡ ቆላሕታኻውን ንቅድሚት ጥራይ ይጠምታ(ሉቃ9.62, ምሳ4.25)

ስለዚ ክቡር ተጓዓዛይ ሓደ ነገር ደኣ ክትገብር ኣሎካ። ኣብ ድሕሬኻ ዘሎ እንዳረሳዕካ ነቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ እንዳተመጣጠርካ ናብቲ ሕንጹጽ ዓላማ ኣቢልካ፡ ናብቲ ዓስቢ ዓወት ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላኽ ብክርስቶስ የሱስ ክትጎዩ ኣሎካ(ፊሊ3.13-14)። ኣብዚ ግና ከይተጠቕሰ ክሕለፍ ዘይብሉ ነገር እንተሃልዩ ምናልባት ካብቶም "ኣብታ መገዲ ህይወት ኣትየ እንድየ፡ ብድሕሪኡ እሞ እንታይ ጸገም ኣሎ፡ ካብታ ናይ ጥፍኣት መገዲ ሓራ ኮይነ እየ። ከም ድላየይ ኣካይዳ ክኸይድን ይኽእል እየ። ኣራ ምእንቲ ክኸውን ኢሉዶ ኣይኮነን ክርስቶስ ሓራ ኣውጺኡኒ" ብምባል ነቲ ሓርነትካ ንድኹማት መፀንቀፊ ወይውን መጎልበቢ ክፍኣትካን ንስጋዊ ምኽንያትን ትገብሮ ከይትህሉ፡ ከመይ ብጥንቃቐ ከምትመላለስ ተመልከት(ገላ5.1, 1ቆሮ8.9, 1ጴጥ2.16, ገላ5.13, ኤፌ5.16)።

ክቡር ተጓዓዛይ ካብዚ ከምዚ ጸገም ደሓን እንተኾንካ ነቲ ኣብ ድሕሬኻ ዘሎ እንዳረሳዕካ ነቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ እንዳተመጣተርካ ናብቲ ሕንጹጽ ዓላማ ኣቢልካ ናብቲ ዓስቢ ዓወት ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላኽ ብክርስቶስ የሱስ ትጎዩ እንተ ኣሎኻ ጽቡቕ ገድሊ እምነት ምግዳልካ ቀጽል ነታ እተጸዋዕካላ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ምስክር ውን ጽቡቕ ምእማን እተኣመንካላ መገዲ ህይወት ኣጽኒዕካ ሓዛ(1ጢሞ6.12)። እታ መገድኻ ድማ ከም ብርሃን ወገግታ እያ። ፍጹም መዓልቲ ክሳብ ዝኸውን ከኣ ብርሃና እናወሰኸት ትኸይድ እንበር ኣብኣስ ምዕራብ ይኹን ምጽልማት ዝብሃል የልቦን (ምሳ14.18)። ስለዚ በርትዕ ጉያኻን ብጎይታ የሱስ እተቀበልካዮ መልእኽትን ክትፍጽሞ ንርእስኻ ቀበጽ እንበር ንይህወትካስ ከም ክብርቲ ኣይትርኣያ(ግብ20.24)። ብተወሳኺ ኣብ ጎንኻ ንዘለዋ ዝወደቓ ነፍሳት ኣልዕል፡ ዝተሰብራ ኣእጋር ዘንን፡ ዝደኸማ ደግፍ፡ ወለል ዝበላ ኣብራኽ ኣቕንዕ፡ ነተን ዝጠራጠራ ውን ኣረድኣየን(እብ12.12, ይሁ22)። ካብዚ ሓሊፍካውን ካብቶም ኣብታ ገፋሕ መገዲ ዘለዉ ተጓዓዝቲ ከም ካብ ሓዊ መንጢልካ ከተውጽእ ከም ዘሎካ ኣይትረስዕ። ንገሊኦም ድማ ነቲ ብስጋ ዝረኸሰ ክዳውንቶም እናጸላእካ ብፍርሃት ደንግጸሎም(ይሁ23)። እቲ ንብዙሓት ናብ ጽድቂ ዝመርሕ ከምከዋኽብቲ ንዘልኣለም ከምዘብርህን እቲ ንሓጥእ ካብ መገዲ ጌጋኡ ዝመልሶ ንነፍሱ ካብ ሞት ከምዘድሕንን ብዝሒ ሓጥያትውን ከምኸድንን

> "በርትዕ! ጉያኻን ብጎይታ የሱስ እተቀበልካዮ መልእኽትን ክትፍጽሞ ንርእስኻ ቀበጽ እንበር ንይህወትካስ ከም ክብርቲ ኣይትርኣያ።"

ፍለጥ(ዳኒ12.3, ያቆ5.20)። ኣብዚኣ ክይጠቐስክዋ ክሓልፍ ዘይደሊ ዓባይ ነጥቢ፡ ዝገበርካ እንተገበርካ ፍቕሪ እንተዘየለ ኩሉ ከንቱ እዩ እሞ ነታ መደምደምታ ሕጊ ዝኾነት፡ ዓቃል፡ ለዋህ፡ ዘይትቐንእ፡ ዘይትጀሃር፡ ዘይትንፋሕ፡ ዘይተስተሓፍር፡ ዘይትምረር፡ ዘይትቕየም፡ ናታ ዘይትደሊ፡ ብሓቂ ትሕጎስ እንበር ብዓመጻ ባይ ዘይብላ፡ ኩሉ ትጸውር፡ ኩሉ ትኣምን፡ ኩሉ ተስፋ ትገብር፡ ኩሉ ትዕገስ፡ ካልእ ኩሉ ክሰዓር ዘይትሰዓርን ከቶ ዘይተቋርጽን ፍጽምቲ ፍቕሪ ኣብ ኩሉ ተግባራትካ ልበሳ(1ቆሮ13, ሮሜ13.10)። ብድሕርዚ ሰንይ ገድሊ ተጋዲለ እታ ጉያይ ወዲኤ ነታ እምነት ሓልየ ደጊምሲ ኀይታይ ንሱ እቲ ጻድቕ ፈራዲ በታ መዓልቲ እቲኣ ዝህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ ክትብል ኢኻ(2ጢሞ4.7-8)። መገዲ እግዚኣብሄር ቅኑዕ እዩ ጻድቕ ይመላለሱሉ፡ መፍረስቲ ግና ኣባኡ ይወድቁ እዮም እሞ ነዚ ዘስተውዕል ኣየናይ ጥበበኛ እዩ? ዝፈልጦኸ ኣየናይ ለባም እዩ?(ሆሴ14.9)።

ጸጋ ጎይታና የሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምሳኻ ይኹን። ኣሜን።

ካብ ዘፍቅረካ ሓውኻ



beteZION